<u>ባሕርና ኣብ ቀረባ ርሑቕና</u>

እምቢ ንመግዛእቲ፡ እወ ንነጻነት ኢልና እንክንጋደል
ብመን ሕራይ ነብስና ፈሪድና ክንቅበል መስገደል
ናብ ዝሓሸ ጽባሕ እናማዕደና ዝወፈርና ብዘይ ኣባል
ንኽብርን መሰልን 'ምበር መዓስ ነይሩና ናይ ምትኳስ ኣማል።

ተወጺዕና ተገፊዕና: ኣይተምበርከኽናን ሓሪና፡
በረኻ ወፍሪና: ዘይሓሰብናዮ ዘቤታዊ መስገደል ገጢሙና
ፈሊጥና ከምዘይፈለጥና: ነገራት ብቐደም ሰዓብ ሰሪዕና
ንመግዛእቲ ከነዕኑ: ንዘቤታዊ ሕማም ወንዚፍና
ቁስለይ ቁስሊ ዓሻ ኢልና: ዘይጽወር ጾይርና።

ሰብኣዊ ክብረት ከነረጋግጽ: ካብ ሽሻይ ባሕርና ክንጥቀም
ተስፋ ሰኒቕና ብመስተርሆት ክነብር: ብሃገራዊ ጸጋታትና ክንግዘም
ካብ ድሕሪት ቅድሚት ክንውንጨፍ ክንሰራዕ ምስቲ ስልጡን ዓለም
ብሂግና ባህግና ከነትግብር ሰሪሕና: ብህግደፍ ክሳብ ንጥለም።

ሎሚ ዘለናዮ እንክነጻጸር ምስ ናይ ትማሊ ሃገራውነት
እቲ ናይ ትማሊ ሓርበኽነት ባህጊ ነጻነት ሓርነት
እዚ ናይ ሎሚ ባዶነት ባርነት
ኣብ ልዕሊ ቅንዕና ግርህነት፡ ነጊሱ ሻርነት።

ስድነት ሳዕሪሩ ሰብኣዊ ክብረት ተዘንጊዑ
ስሰዐ ዓብሊሉ መንፈስ ሃገራውነት ነቒዑ
ገለ ብጥሕሰት መሰላት ይኽንዘው፡ ገለ የጣቕዑ
ብዙሓት ጸሞም ይሓድሩ፡ ውዑዳት ይበልዑ።

ብዙሓት ላዕሊ ታሕቲ ይብሉ ይርህጹ
ውሱናት ወሰንቲ ሰብ ሽይጦም የጋይጹ
ብዙሓት ህይወቶም ከድሕኑ ይስደዱ ይነፍጹ

ውሑዳት ሰብን መሬትን ሽይጦም ቢላታት ይሃንጹ።

ናይ ትማሊ ግርህነት ናይ ትማሊ ጌጋ

ብግቡእ ገምጊምና ዘኽፈልና ዋጋ

ነብስና ሓራ ጌርና ካብ ናይ ቤላ ቤሎ ዕደጋ

ብንቕሓት ብብቕዓት ንስበሮ ነቲ መሐንገጋ።

ካብ'ዚ ዝኸፍእ ድኽነት ካብ'ዚ ዝኸፍእ ውርደት

ኣሽሓት ደሞም ዝኸዓውሉ ዝውደቕሉ መሬት

ከም ግራት ገደና ብውሑዳት ክሽንሽን ክግበት

ሃገር ናብ ዑና ተቐይራ ክትመስል ገዛ ምውት

ኣብነት ክትከውን ናይ ኩሉ  ክፉእ ፖለቲካዊ ስድነት

ተዓዘብቲ ክንከውን ኣይምሕረልናን'ዩ ንዝመት ብሓድነት።

ቀይሕ ባሕርና ጭቡጥ ሃብትና

ብዙሕ ድኻም ዘይብሉ ስሩሕ እንጀራና

ዓሰብን ባጽዕን ክልተ ወደባትና

ብድኽነት እናተሳቐና ደገፍ እናደለና

ጽግዕተኛታት ኮይና እናተዘራዕና

ስለምንታይ ኮይነን ኣብ ቀረባ ርሑቕና?

ካብ ዛራ ማና

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 28-02-2018